# ዓመጽ ተዛረበሉ

# ኖኖ! ኣይፋል

ብድሓን ክትነብርን ካብ ዓመጽ ነጻ ክትከውንን መሰል ኣለካ።



zavod emma

center za pomoč žrtvam nasilja

RDEČI KRIŽ SLOVENIJE

UNHCR

The UN Refugee Agency



# ዓመጽ ተዛረበሉ

# ኖኖ! ኣይፋል

እዚ መጽናዕታዊ ጽሑፍ ብፕሮጀክቲ ማሕበር ስነልቦናዊ ድጋፍን ብSGBV ናይ ምክልኻል ንጥፈታትን ኣብ ስሎቨንያ ብ UNHCRን ብማሕበር ቀይሕ መስቀል ስሎቨንያ ምስ ኢንስቲቱት Emma መጽናዕታዊ ማእከል ኣብ ግዳያት ዓመጽ ዝተመወለ ኢዩ።

UN ሕቡራት ሃገራት ወኪል ስደተኛታት(UNHCR) ኣህጉራዊ ውቅባ ኣብ ጉዳይ ስደተኛታት ምስ ዝምልከተን ሃገራት ኣብ ምስራሕ ይነጥፍ። እዚ ኣብ ትሕቲኡ ንዝርከቡ ኣብ ጾታን ጀንደርን ዝመበገሲኡ ዓመጻት ነጻ ንክኾኑ ብሓላፍነት ካብ ዝሰርሓሎም ንጥፈታት ኢዩ።
ጾታዊ ዓመጽን ጾታ ወይ ጀንደር ዝሰረቱ ዓመጽን ገለ ክፋል ናይ ዓመጽ ኮይኖም፣ ኣብ ዘይ ምዕሩይ ናይ ጀንደርን ጾታን ዝምድናታት ዝተሰረተ ኢዩ። ገለ ካብቶም ዝወርዱ ዓመጻት ነዞም ዝስዕቡ ይመስሉ፣ ናይ ገዛ ዓመጽ፣ ምግሳስ፣ ጾታዊ ዓመጽ፣ ወሲባዊ መጥቃዕቲ፣ ንግዲ ደቂ ሰባትን ኣገዲድካ ምድፋርን ዛኣመሰሉ ኢዮም።
ሽሕ'ኳ ዝኾነ ሰብ ታርጌት ናይቲ ዓመጻ ወይ ግዳይ ናይቲ መጥቃእቲ ይኹን እምበር ብዝያዳ ግን ነንስትን ኣዋልድን እቲ ሓደጋ ይጸልወን።
ኣንጻር ደቀንስትዮ ዝግበር ዓመጽ ንኹለን ደቅንስትዮ ይጸልወን ማለት ኣይኮነን ግን ኣብቲ ሕብረተሰብ ስለዝፍጸም ልክዕ ከም ካልኦት ዛዕባታት (ቁጠባውን ጥዕናውን ማህበራውን ፖለቲካውን) መዳያት ይርአ።
ዓመጽ ኣብ ልዕሊ ደቀንስትዮ –ጀንደር ዝሰረቱ ዓመጽ መንቀሊኡ ኣብቲ ሕብረተሰብ ማዕርነት ጀንደርን ሚዛናዊ ዝምድናታት ኣብ መንጎ ጾታታት ካብ ዘይምህላዉ ኢዩ። ካብ ባህላዊ ልምድን እምነትን ምስ ሃይማኖታዊ እምነት መበገሲ ዝገበረ ኢዩ።

ደቂ ተባዕትዮ ውን ግዳያት ናይቲ ዓመጽ ዝኾኑሉ ኩነት ኣሎ። ካብ ተሙኩሮ ጸብጻብ ከምዝሕብሮ ግን ብኣዝዩ ውሑድ ቁጽሪ ኢዩ። እዚ ዓመጽ እዚ ግን ዳርጋ ዘይቅቡልን ጭካነ ዝመልኦን ፍጻመ ኢዩ።

መልሲ ኣንጻር ዓመጽ- እዚ ብደረጃ ስድራቤት ወይ ሕብረተሰብ ክዛረበሉን ክከለኸሎን ይግባእ። ክልቲኡ ጾታታት ካኣ ማዕረ ዕድላት ከም ዘለዎ ብግብሪ ምርግጋጽን ምምስካርን።

## ማህደራዊት ትሕዝቶ


ዓመጽ ኣብ ልዕሊ ደቀንስት 5
ዓይነታት ዓመጽ 6
ኣካላዊ ዓመጽ 6
ስነ ኣእሙራዊ ዓመጽ 6
ቁጠባዊ ሃስያ ወይ ጸርፊ 7
ምኽታል/ ምጽንታው 7
ጾታዊ ዓመጽ 8
ንግዲ ደቂ ሰባት 9
ጽልዋ ናይ ዓመጽ 10
ዓመጽ ኣብ ልዕሊ ህጻናት 11
ምክልኻል ዓመጽ 12
ዓመጽ የሳቕየካ ወይ ይወርደካ ኣሎዶ? 13
ህዝባዊ ወይ ማሕበራዊ ኣገልግሎት 14
ማሕበራዊ ሃዋህው ወይ ኣከባቢ 14
ዘይመንግስታውያን ማህበራት ወይ ትካላት። 15

## ዓመጽ ኣብ ልዕሊ ደቀንስትዮ

ኣንጻር ደቀንስትዮ ዝፍጸም ዓመጽ ከም ናይ ገዛ ዓመጽ፣ ማሪታዊ እምነት ዝኾነ ምግሳስን ዝኾነ ዓይነት ጾታዊ ዓመጽን ወሲባዊ መጥቃዕትን ቦታ ስራሕ፣ ንጾታዊ ስምዒት ኢልካ ደቀንስትዮ ምሻጥ፣ብሓይሊ ምድፋር፣ኣገዲድካ ጥንሲ ከምዝንጸል ምግባር፣ ብኣዝዩ ሓደገኛ ዝኾነ ባህላዊ መሳርሕን እምነትን፣ከም ምኽንሻብ ጓለንስተይቲ፣ግዱድ ትሕቲ ዕድመ መርዓ ደቀንስትዮ፣ ክብርታት ምቕታልን ወዘተ

ዓመጽ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ እቲ ኣብ መላእ ዓለም ኣዝዩ ኣስፋሕፊሑ ዘሎ ዛዕባ ኢዩ። ሓደ ሕብረተሰብ ወይ ሃገር ማዕረኽንደይ ማዕቢላ ብዘየገድስ መበገሲ ጉዳያት ዓመጽ ብዙሓት ኢዮም፣ ከም ዓሌትነት፣ሃገራውነት፣ጾታዊ ርድኢት ወዘት...

ኣንጻር ደቀንስትዮ ዝፍጸም ዓመጽ ዝኾን ፍጻሜ ዓመጽቲ ድልየታቶም ንምርካብ ዝወስድዎ ስጉምቲ ኢዩ። እዚ ስነ-ኣእሙራዊ፣ጾታዊን ቁጠባውን ሃስያታት የጠቓልል ።



ነቲ ዓመጽ ዝፍጽም ኣካል ኣባል ስድራቤት ክኸውን ይኽእል (ብዓል ቤት ሰብኣይ, ቆልዓ, ኣቦ, ሓው, ኣኮ),ገለ ብጽቡቕ ምቅርራብ ዘለዎም ኣካላት (የዕሩኽ, መቕርብ ፈልጥቲ, ሓላፊ) ወይ ብዘይተፈልጠ ሰብ።

ደቀንስትዮ መብዝሕቱኡ ከምዝተጋገያ ወይ እቲ ጉድለት ናተን ምኺኑ ይኣምና ፣ይኹን'ምበር ነቲ ሓላፍነት ዝስከሞ እቲ ዓምጺ ኣካል ኢዩ ። እቲ ዝተወጸዐ ኣካል እንታይ ኢሉ ተጻሪፉ ብዘአየገድስ ግዳይ መቕጻዕቲ ክኸውን ኣይክእልን ኢዩ።
መጽናዕታዊ ጸብጻብ ከምዘመልክቶ 95% ናይቲ ዓመጽ ብደቂ ተባዕትዮ ኢዮም ዝፍጸሙ። ስለዚ ሰብኡትን ኣወዳትን ብዝያዳ ግዳያት ይኾኑ ብዝዋሓደ ቑጽሪ'ውን ደቀንስትዮ ናይ ቃል ዓመጽ ይፍጽማ

## ዓይነታት ዓመጽ

### ኣካላዊ ዓመጽ

እዚ ንዝኾነ ጎነጻዊ ሓይሊ ቃንዛ ፣ፍርሒ፣ምህዳድን ምድሃልን ዝኾነ ዓይነት መቑሰልትን የጠቓልል።

ገለ ካብ ኣካላዊ ዓመጽ:

- ብኢድካ ዓሚኽካ ምህራምን ብኻልእ ነገራት ምህራምን,
- ብጸጉሪ ምስሓብ ወይ ምምንጫጭ
- ምድፋእ ወይ ምንውናው
- »ናብ መንደቕ ምግጫው«.



### ስነ ኣእሙራዊ ዓመጽ

እዚ ንዝኾነ ስነ-ኣእሙራዊ ፍጻመ ኣብ ሓንጎሉ ሃስያ ክፈጥር ዝኽእል ፍጻመ የጠቓልል። እዚ ከም ፍርሕን ምድሃልን ነብሰ ምትሓትን ከም ጸቕጥን ምርባሽ ኣእሙሮን ይፈጥር።

ገለ መልክዓት ስነኣእሙራዊ ዓመጽ፣:

- ስም ምጥፋእን ምጽራፍን,
- ምውጫጭ,
- ምዝራፍ,
- ምፍርራሕ ብኣካላዊ ዓመጽ.

## ዓይነታት ዓመጽ

ቁጠባዊ ሃስያ ወይ ጸርፊ

እዚ ዘይፍትሓዊ ንኾነ ምቁጽጻርን ሰሪሑ/ሓ ንዘምጸኦ/አቶ ገንዘብ ኣብ ምውጹኡ ዝግበር ዘይተደልየ ምቁጽጻር ኣብ ንብረት ናይታ ስድራቤት ዝግበር ዘይሚዛናዊ ምቁጽጻር ኢዩ።



ገለ መልክዓት ቁጠባዊ ሃስያታት :

- ቀይዲ ኣብ ልዕሊ ሸቃሎ ወይ ሰራሕተኛ,
- ንውልቀ ሰባት ዝያዳ ኣብ ፋይናንሳዊ ኣታዊታት ቀይድ ምግባር
- ዘይ ምኽሳስከም ኣሊሞኒ ዝመሰሉ ስድራቤት ቁጠባዊ ሓላፍነት ዘይስምዖም ስድራ ዘይምእታው ።
- ንግዳያት ግዱድ ኩንትራት ከም ዝወስዱ ምግባር።

ምኽታል/ ምጽንታው

እዚ ተደጋጋሚ ፍጻመ ንነዊሕ ግዜዝኸይድ ዘተደልየ ጸገማት የስዕብ። እዚ ኣብ ሂወትካ ፍርሕን ስግኣትን ይፈጥር።

- ገለ መልክዓት ምጽንታው:
- ተደጋጋሚ/ቀጻሊ ምክትታል
- ተደጋጋሚ ምፍርራሕ ብኣካል ክትራኽብ ወይ ብተሌፎን/ኢመይል ምእዛዝ.

## ዓይነታት ዓመጽ

### ጾታዊ ዓመጽ

ብብዙሕ መንገድታት ክፍጸም ይካኣል። ኩሎም ግን ነቲ ተዓማጺ ግዳይ ዝገበሩ ኣብ ልዕሊኡ ዝፍጸሙን ኢዮም። ነቲ ግዳይ ጾታዊ ዓመጽ ዝኸውን ዘሎ ካብ ጸቕጥን ምፍርራሕን ነጻ ከም ዝኾነ ከም ዝተሰማምዐ ኣምሲልካ ዝፍጸሙ'ውን ኣለዉ። ምኽንያቱ እቲ ግዳይ ነቲ ዓማጺ ክጻወሮ ስለዘይክእል ነቲ ግዳይ ውሑስ ብዝመስል የእሚንካ ስለ ዝፍጸም ንምትግባሩ ክጥዕመካ ዝግበር ምትዕሽሽእው ይባሃል። ስለ ዚ ኢዩ ካኣ ዝተዓመጸ ኣካል ስምዒታቱን ኣካላዊ ማህሰይቲ ከይህልዎን ብዘይ ድሌቱ ድሌት ናይ ዓማጺ ከማልእን መሰሉ ክጋሃስ የብሉን ንብል ዘለና።

ጾታዊ ዓመጽ ኣብ ዝኾነ ከባብን ሕብረተሰብን ዝፍጸም ዓይነት ባእሲ(ኲናት ሕድሕድ, ከባብያዊ ግጭት...)ኣብ ኣደዳ እሱርቤትን መደበራት ፖሊስን የውድቕ።

እዞም ዝስዕቡ ቀንዲ ዓይነታት ዓመጽ ኢዮም።

- ወሲብ
- ግዱድ ጾታዊ ርክብ
- ወሲባዊ ምስቓይ
- ውርደት
- ጾታዊ ባርነት
- ምኽንሻብ
- ብሓይሊ ምእጋድ



ጾታዊ ዓመጽ ኣብ ልዕሊ ደቂተባዕትዮ መብዝሕቱኡ እቲ ፈጻሚ ኣካል ነቲ ተዓማጺ ከም ስሉብ ገይሩ ብሙቕጻርን ሃይሉ ንምርኣይን ኢሉ ይፍጽሞ።

# ንግዲ ደቂ ሰባት

ንግዲ ደቂ ሰባት

እዚ ዘበናዊ ባርነት ኢዩ ምኽንያ ቱካብቲ ኣዝዩ ዝኸፈአ ምግሃስ መሰል ደቂ ሰብ ስለዝኾነ። ንግዲ ደቂ ሰባት ናጽነትን ሓርነትን ኮኒኑ ንኣስካሕካሒ ግፍዕታት ስለዘቃልዕ ምኽንያቱ ናይ ግዳይት መሰል ውሑስ ኣይኮነን ጾታዊ ውህደት የለን ናይ ምንቅስቓስ ናጽነትን ሓሳብካ ናይ ምግላጽን ምዝራብን መሰል የለን።



ገለ ካብ መልክዓት ካብ ንግዲ ደቂ ሰባት:

- ብሓይሊ ምድፋር,
- ግዱድ ስራሕ
- ተገዲድካ ምልማን
- ግዱድ መርዓ
- ዘይሕጋዊ ምርዓም
- ገንዘብ ከም ሞቕሽሽ ጠቢርካ ኣብ ልዕሊ ህጻናት ጾታው ዓመጽ ምፍጻም።
- ኣብ ህጻናት ዝተፈጸሙ ዓመጻት ምስናድ።
- ኣገልጋሊ ምግባር
- ግዱድ ጭካነን ግፍዕን
- ምሻጥ ክፍሊ ኣካላት ትሹታትን ደምን ምውሳድ።

## ጽልዋ ናይ ዓመጽ

ጽልዋ ናይ ዓመጽ ኣብ ብዙሕ ረቛሒታት ዝተመርኮሰ ኢዩ፣ከም ኣብነት ኣብቲ ዓይነት ጸርፍን ግብረመልስን ናይቲ ኸባቢ፣ ሓገዝ ናይ ማሕበራዊ መድያታት ውልቃዊ ጸገማትን ካልኦት ናይ ምቕዳሕ መካኒዝም ምስ ጸቕጥታትን ወዘተ ---

ገለ ማሕበራዊ ጸገማት ናይ ዓመጽ:

- ካብ ከባቢኡ ምርሓቕን ርክብ ምስ ካልኦት ሰባት ምብታኽን።
- ካብ ማሕበራዊ መድያ ምንጻል።
- ውጥረትን ዘይምርግጋእን።
- ድኻም ይስማዓካ
- ፍርሒ፣ሕፍረት ወይ በደለኛ ኮይኑ ይስማዓካ።
- ነፍሰ ምትሓትን እምነት ምጥፋእን

ምስ ጥዕና ዝተኣሳሰር ስዕቤን ዓመጽ:

- ጥንሲ
- ብጾታዊ ርክብ ዝማሓላለፉ ሕማማት
- ስነኣእሙራዊ ነውጽታት ጸቕጢ ምርባሽ ኣእሙሮ ፣ዓቕሊ ምጽባብ
- ናይ ድቃስ ምምዝባል ናይ ኣመጋግባ ምምዝባል ( ከም ኣናሮክስያ ቡሊምያ ዓጸቦን ድርቀትን),
- ኣልኮልን ካልኦት ነገራትን ጸርፍን
- ጸገማት ብምጽዓቕ
- ነብሰ ምግርጫውን ምስ ካሎኦትን ምሕራቕ
- ጾታዊ ጸገማት
- PTSD. ስነ-ኣእሙራዊ ጸቕጥን ምምዝባላትን ።



## ዓመጽ ኣብ ልዕሊ ህጻናት

ንቐልዑ ምቕጻዕን ምህራምን ሓደ ካብቲ መሰል ህጻናት ምግሃስ ኢዩ። ብዝኾነ ኾይኑ ኣካላዊ ድዩ ስነ-ኣእሙራዊ በሰላ ኣብ ህጻናት ስለዝገድፍ፣ንህጻናት ብመልእኽትን ማዕዳን ነቲ ዘለዎም ግርጭታት ምፍታሕ እዚ እንተጌርካ ከምዚ ክግበረልካ ኢዩ እንዳበልካ ምርዳእ።

መቕጻዕቲ ኣብ ዕቤት ኣእሙሮ ናይቲ ህጻን ብዙሕ ዘይሃስስ በሰላ ወይ ሳዕቤን ይገድፍ። ህጻናት ክፈርሑ፣ክሓርቁ፣ናይ ምምሃርን ካልእ ባህርያዊ ጸገማትን ከም ኣብ ቤት ትምህርቲ ምድቃስ ክህልዎም ይኽእል።

ብብዝሒ ዝህረም ቆልዓ ሓራቕን የዕናውን ክኸውን ይኽእል። ኣብ ኣእሙሩኡ ኣሉታዊ ስእልታትን ተጠራጣርን ኮይኑ እምነት ኣብ ሰባት የጉድል። ግዳይ ዓመጽን መቕጻዕትን ዝኾኑ ህጻናት ብቐሊሉ ኣብ እእሙሮኦም ጸቕጥን ጭንቀትን የማዕብሉ። ውሉፋት ናይ ዘይተደልዩ ነገራት ኮይኖም ሽግራቶም ኣብ ምፍታሕ ጸገም የጋጥሞም።



ህጻናት ዋላኳ ምስክር ናይቲ ዝበደልዎ ይኹኑ ግዳያት ናይቲ መቕጻዕቲን ዓመጽን ክኾኑ ኣይግባእን.

## ምክልኻል ዓመጽ

**ንዓመጽ ይቅረታ የለን!**
**ሪፓብሊክ ስሎቨንያ ልክዕ ከም ካልኦት ሃገራት ኣብ ጉዳይ ምጥሓስ ሰብኣዊ መሰልን ዓመጽን ሓላፍነት ወሲዳ ትሰርሓሉ ኣላ። ስለ ዝኮነ ዝምልከቶም ሰበ ስልጣን ብሓላፍነት ክሰርሕሉ ይርከቡ እዚ ካኣ ንግዳያት ምርዳእን ንገበነኛ ምቕጻዕን ምክልኻልን ንውጹዓት ኣብ ጎኖም ጠጠው ምባልን ግዴታ ኣለዎም።**




**ምክልኻልን ምውዳእን ዓመጽመብዝሕቱኡ ግዜ ኣዝዩ ኣጸጋሚ ካብ ዝገብሮ እቲ ሕብረተሰብ መልሲ ብዘይምሃቡ ኢዩ። ምስክር ናይ ዓመጽ፣ከም ኣብነት ኣብ መንጎ ስድራቤት እንታይ የእተወኒ ዝብል እምነት ኣሎ። ዓመጽ ግን ውልቃዊ ጸገም ናይታ ሰበይቲ ወይ ናይቲ ሰብኣይ ግዳይ ዓመጽ ዝኸውን ዘሎ ኣካል ኣይኮነን። ስለዝኾነ ኢዩ ኻኣ ሕብረተሰብ ክምልሰሉ ዝድለ ዘሎ፣ንዓመጽቲ ጠባያትኩም ኣይጽወርን ኢልካ ሓበሬታ ምሃብ ኣገዳሲ ኢዩ**
**ኣንስቲ፣ቆልዑ፣እኹላት ኣወዳት ኣዋልድ፣ድኹማት ሰባት፣ኣብቲ ሕብረተሰብ ኣብ ኣጸጋሚ ኩነት ዝርከቡ ሰባት ዓበይቲ ሓተቲ ዑቕባን ስደተኛታትን ነዝ ጉዳይ እዚ ብዝያዳ ዝተቓልዑ ኢዮም። ሓተትቲ ዑቕባ ሓገዝ ኣብ ዝደልዩሉ ተርጓሚ ብምድላው ውልቃዊ ጉዳዮም ክገልጹ ኣለዎም።እቲ ዝመርጽዎ ተርጓሚ ኣብቲ ጉዳይ እኹል ኣፍልጦ ሕግን መስርሓቱን ንመን ክሕግዝ ከምዘለዎ ዝፈልጥን ክኸውን ይግባእ። ሓገዝ ዝሓቱ ሰባት ነቲ ሕጊ ኣፍልጦ ዘይብሎም ኣብ ኣገልግሎት ጥዕናንን ኣብያተ ፍርድን ናይ ስሎቨንያ ምስ ዝጽገሙ ኢዩ።እቲ ዝበለጸ ሓገዝ ምርካብ ዝካኣል ምስ ዘይመንግስታውያን ትካላት ምምሕዛው ኢዩ። እዚ ኸሳብ ዝላዓለ ተጣባቕነትን ሓገዛት ካብ ዓበይቲ ማሕበራትን ክሳብ ናይ ስነ ኣእሙሮ ክኢላታት ንግዳያት ምኽርን ማዕዳን ኣብ ምሃብ ዝነጥፍሉ ኢዩ ኣብዚ ንውጹዓት ጥራይ ዘይኮነ ንዓመጽቲ ከይተረፈ ዝሕገዙሉ ባይታ ኣሎ።**

## ዓመጽ የሳቕየካ ወይ ይወርደካ ኣሎዶ?

ብግፍዒ ወይ ብዓመጽ ትሳቐ እንተሊኻ፣ ሓገዝ ክትሓትት ኣለካ። ንውጹዓት ንምርዳእ ዝተወደቡ ኣካላት ትካላት ኣለዉ።

ነዞም ዝስዕቡ ተወከስ፣
- ፖሊስ
- ህዝባዊ ኣገልግሎት
- ዘይመንግስታውያን ማሕበራት ወይ ትካላት
- ናይ ባዕልኻ ማሕበራዊ ኣከባቢ

ፖሊስ




ኣብዝኾነ እዋን ብመጻምድኺ ክትብደሊ ስለ ትኽእሊ
በዚ ቅጽሪ113 ናብ ፖሊስ ደውሊ። ፖሊስ ሂወት ኣብ
ምድሓን ግዴቱኡ ስለ ዝኾነ ኣብ ዝኾነ እዋን ክምለሰልኪ ኢዩ።
080 12 00 በዚ ቁጽሪ' ውን ብተመሳሳሊ ንዝተጻወርካዮም በደላት ከተሕልፍ ትኽእል ኢኻ።







ፖሊስ ክትድውል ተዘይክኢልካ፣ ኣብ ዝቕጽል ማዓልቲ ዝወረደካ በደል ናብ መደበር ፖሊስ ብጸብጻብ ከተሕልፍ ይካኣል ኢዩ ።ከምኡ ውን ናብ ቤት ጽሕፈት ዓቃብ ሕጊ ከተመልክት ትኽእል። ንዓመጻት ናብ መደበር ፖሊስ ኣቕርቦም (ሪከርድ ወይ ብመዝገብ, መርትዖ ብምእካብ,ናብ ቤት ጽሕፈት ዓቃብ ሕጊ ኣረክቦ ).ካልእ ውን ብትፈልጦ ወይ ካኣ ብትርጁማንን ብትኣምኖን ሰብ ጌርካ ከተመልክት ተኽእሎታት ኣለካ።

# ዓመጽ የሳቕየካ ወይ ይወርደካ ኣሎዶ?

**ህዝባዊ ወይ ማሕበራዊ ኣገልግሎት**

Center za socialno delo (CSD) – **ህዝባዊ ኣገልግሎት**
**ነት ውጹዕ ዝበጽሖ በደል ብጸብጻብ ናብ ህዝባዊ ኣገልግሎት(CSD) እንተበጺሑ፣**

- **ነት ግዳይ ኣድላይ ረድኤት ንምግባር መስርሕ ምጅማር።**
- **ኣብ ህጻናት ናይ ምክልኻል መደብ ምውጻእ**
- **ሓገዛት ምድላውን ውጽኢታዊ ፍወሳ ንግዳያት ምሃብ፣**

**ውጹዓት ብዝኣምንዎን ብትርጁማንን ስራሕ ንኽቁጸሩ መሰል ኣለዎም።**




**ማሕበራዊ ሃዋህው ወይ ኣከባቢ**

**ሓገዝ ሕተት፣ካብ ስድራቤት፣የዕሩኽትኻ፣ፈለጥትኻ፣መሳርሕትኻ እንታይ ተፈጺሙ ወይ እንታይ ይወርደካ ኣሎ ንገሮም። ውጽኢታዊ ዝኾነ ድጋፍ ኣብ ምርካብ ክሕግዙኻ ኢዮም።**

## ዘይመንግስታውያን ማህበራት ወይ ትካላት።

ትዛረቦ ወይ ዝሕግዝ ሰብ ምስ ዘይህልወካ ካብ ዘይ መንግስታውያን ማሕበራት ድጋፍ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ/ኺ። ውሑስ ቦታ ኣብ ምድላው ክሕግዞኻ/ኺ ኢዮም። ብግቡእ ዝተወደባ ዘይመንግስታውያን ማሕበራት ንግዳያት ዓመጽ ፕሮፌሽናል ዝኾነ ሓገዝ ኣብ ምሃብ ይነጥፋ። እዞም ዝስዕቡ ካኣ ካብቶም ብነጻ ዝዋሃቡ ሓገዛት ኢዮም።

- ተለፎን ደዊልካ ንግዳያት ዓመጽ ምውካስ።
- ብኣካል ረኺብካ ንዝተዓመጸ/ት ወይ ኣብ ስቓይ ናይ ዓመጽ ንዝርከብ ኣካል ምዝርራብ።
- ግፍዒ ንዝወረዶም ሰባት ስነኣእሙራዊ ደገፍ ወይ ምጽንናዕን ምኽሪን ምሃብ።
- ዝተወደበኣካላዊ ድጋፍ ንግዳያት ዓመጽ።
- ብዓመጽ ንዝተታሕዙ ሰባት ናብ ማሕበራትን ትካላትን ከም ዝመጹ ምግባር።
- ንግዳያት ዓመጽ ማሕበራዊ ተሓታትነት ምቛም።
- ብዓመጽ ንዝሳቐዩ ህጻናትን መንእሰያትን በብውልቂ ተወኪስካ ምሕጋዝ።
- ውሑስ መንበሪ ውሑስ ገዛ ኣውይ መንበሪ ማእከል ብግፍዒ ንዝተሳቐዩ ምቛም።
- ግዳይ ንግዲ ንዝኾኑ ሰባት ምውካስ።
- ህጹጽ መንበሪ ንግዳያት ንግዲ ደቂ ሰባት ዝኾኑ ምድላው።
- ግዳያት ንግዲ ደቂሰባት ዝኾኑ ናብ ገዝኦም ዝምለስሉ ውዳበ ምግባር።
- ግዳያት ንግዲ ደቂሰባት ምሕጋዝን ናብ ስራሕ ዓለም ምጽንባርን።
- ዎርክሾፕ ንተማሃሮም መባእታን ማእከላይን ካላኣይን ደረጃ።
- ንደቀንስትዮ ዝዕምጹ ደቂተባዕትዮ ንምጥላፍ መጽናዕታዊ ስልጠናታት ንግዳያት ምሃብ።

## ኣገደስቲ ቁጽሪ ተለፎናት

**እንተደኣ ቁልቱፍ ጥርዓን ወይ/ን ምስጋና ናይቲ ፕሮጀክታዊ ንጥፈታት ወይ/ን ፕሮጀክታዊ ንጥፈታት ምቅራብ ደሊኹም፡ ኣብዚ ዝስዕብ** email **ክትሕብሩና ንፈቱ** zeroviolence@rks.si። **የቀኔልና!**

| | |
|---|---|
| • **ፖሊስ** | 113 |
| • **ማሕበራዊ ኣገልግሎት** | |
| Ljubljana Vič - **ሉብያና ቪች** | 01/ 200 21 40 |
| Ljubljana Center - **ሉብያና ማእከል** | 01/ 475 08 00 |
| Logatec - **ሎጋተስ** | 01/ 759 06 70 |
| Maribor - **ማሪቦር** | 02/ 250 66 00 |
| Velenje - **ቨለንየ** | 03/ 898 45 00 |
| Postojna - **ፖስቶይና** | 05/ 700 12 00 |
| • **EMMA ኢንስቲቱት ማእከል ኣብ ግዳያት ዓመጽ** | 030 77 79 70<br>080 21 33 |

**ተለፎነይ**